ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ
ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት

سفارة دولة ارتريا
بالولايات المتحدة الاميريكية
قسم الشؤون الجماهير

EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA – IN THE USA – OFFICE OF PUBLIC & COMMUNITY FFAIRS

ሚያዝያ 05, 2008
PA-01108

# ንካልኣይ ዙርያ ምዕዳል መሬት ዝምልከት ዝወጸ ተወሳኺ መምርሒ

ኣብ ዝሓለፈ ምዝገባ ካልኣይ ዙርያ ምዕዳል መሬት፡ ካብ መሬት ዝተዓደሉ ዜጋታት ክቐርብ ዝጸንሐ ሕቶታትን ርእይቶታትን ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦

1. ኣብ ካልኣይ ዙርያ መሬት ንምዕዳል ዝግበር ዝነበረ ምርጫታት ናይ ዋጋ ገምጋም ስለዘይተዋህበ ዳርጋ መብዛሕትኦም ዜጋታት "ትሑት መስርሒ ዋጋ ክኸውን ይኽእል እዩ" ዝብል መበገሲ ዘይብሉ ግምታት ብምብጋስ ቅጥዕታት መሊኦም፣

2. መብዛሕቶም ዜጋታት ከም ምርጫ ብውልቂ ከስርሑ ትጽቢት ስለዝነበሮም ኣብቲ ምርጫ'ውን ስለዝነበረ፡ "ንመጻኢ ቀስ ኢልና ንሰርሖ" ብምባል፡ ንግዚኡ ብዘለዎም ትሑት ዓቕሚ ገለ ክፋል ገዛ ብምስራሕ ሰፊሕ መሬት ንምሓዝ ዝተበገሰ ሓሳብ፣

3. ዝመረጽዎ ዓይነት መዓላ መሬት (Type of building) ምስቲ ናይ ብሓቂ ዓቕሞም ክመጣጠን ብዘይምኽኣሉን ናይ ሰገን ሓደስቲ ዝተሓተ ዋጋ ሞዴል ክወጽእ ተባሂሉ ተገሊጹ ብምንባሩ ክኸውን ይኽእል፣

4. ዋጋ መስርሒ ገዛውቲ ኣብ ዝወጸሉ እዋን ዝተፈላለየ ሕቶታት ካብ ዝለዓለ ሞዴል ናብ ታሕቲ ናይ ምውራድ ሕቶታት ቀሪቡ። ከምኡ'ውን ኣብቲ ዝቐረበ ቅዲ (ሞዴል) ንነብስ-ወከፍ ዓሚል ዝተፈቕደሉ ውሱናት ምርጫታት ገዲፉ ካልእ ናይ ምምራጽ ድልየታት ብፍላይ ኣብ ክሓስረሉ ዝኽእል ዓይነት ሞዴል፡ ክሓትት ጀሚሩ፣

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ርእይቶታትን ሕቶታትን ዜጋታት ኣብ ግምት ብምእታው፡

ሀ. ኣብ ካልኣይ ዙርያ መሬት ዝተዓደሉ ዜጋታት፡ ካብ ድላዮምን ዓቕሞም ብዝፈቕዶ ዋጋን ዓይነት ገዛን ምስ ዝተዋህቦም ስፍሓት ዝኸይድ ቅዲ (ሞዴል) ንኽመርጹ ተወሲኑ ስለዘሎ፡ ምስ'ዚ ደብዳቤ ኣተሓሒዝናዮ ዘለና ቅጥዒ (ML-2008)፡ ነብስ-ወከፍ መሬት ዝተዓደሎ ዜጋ ካብ'ቲ ዝርዝር ቅድታት (ሞዴላት) ከምዝመርጽ ብምግባር ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክልኣኽልና ብትሕትና ንሕብር፣

ለ. ብተወሳኺ ብነፍስ-ወከፍ ዝመረጽዎ ዓይነት ሞዴል፡ ክፍሊ መሬትን ትሕተ-ቅርጽን ብዝጥዕሞም ዝተዳለወ ቦታ ብሎክን ፓርስልን ብምሃብ ንነፍስ-ወከፍ ሰብ ናይ መወዳእታ ምርጭኡ ብዝተዳለወ ቅጥዒ ንዝሓ'በረ ዜጋ ክሕበር ምዃኑን፡ በዚ መሰረት ውዕል ብምግባር ምስራሕ ኣባይቲ ነቶም ዕርቡን 25% ዝኸፈሉ ከምዝጅመረሎም ንሕብር፣

ሐ. እቶም ሞዴሎም መሪጾም ድሮ 25% ዝኸፈሉ ዜጋታት በቲ ኣቐዲሞም ውዕል ዝኣተውዎ መሰረት ክኸደሎም ምስ ዝደልዩ ወይ ከኣ ነዚ ተዋሂቡ ዘሎ ክፉት ዕድል ሞዴል ናይ ምምራጽ ክጥቀሙ ምስዝደልዩ ነዚ ቅጥዒ (ML2008) ክመልኡ ይግባእ። ብተወሳኺ ናይ ምምራጽ መሰሎም ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ዝተሓለወ ምዃኑ እንዳሓበርና፡ ንሕሳብ ብዝምልከት በዚ ሓድሽ ዝመረጽዎ ምትዕርራይ ይግበር።

<u>N.B (ተወሳኺ ሓበሬታ)</u>

1. ንሞዴላት (ቅድታት ኣሰራርሓ) ዝምልከት ሓድሽ ዝወጽእ ዋጋ ከምዘየለ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝወጸ ዋጋታትን 133 ሞዴላትን፡ ዜጋታት ብኽፉት ዕድል ኣብ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ንኽመርጹ የድሊ፣

2. ኣብ'ቲ ኣቐዲሙ ዝወጸ ሞዴላት ከም ምርጫ ዓይነት ኣሰራርሓ (Roofing Type) Flat & Peach (F or P) ዝብል ከምዝነበረ ኣብቲ ሞዴላት ተጠቒሱ ከምዘሎ ይፍለጥ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ Flat Roof (Concrete slab) ጥራይ ኢዩ ዝስራሕ። ስለዚ Peach (P) ከም ምርጫ ከምዘየለ ንሕብር።

ዓወት ንሓፋሽ !!
ቤ/ጽ ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት

1708 New Hampshire Av. NW, Washington DC 20009 Tel 202 588 7590 Fax 202 518 5930 email <berhane@embassyeritrea.org>